ክፍሊ 11ን 12ን

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ምኽርታት መጽናዕቲ

## ንመጽናዕቲ ዝኾኑ ምኽርታት

ሽቶታትካ እንታይ ምኧኑ ብዘየገድስ - ዩኒቨርሲቲ፡ ቀጻሊ ስልጠና ወይ ናይ ምሉእ ሰዓታት ስራሕ - ዝበለጸ ከተመዝግብ ኣበርቲዕካ ክትሰርሕን መጽናዕትታትካ ብኣግኡ ተካይድ ክትከውን ኣለካ። እዚ ማለት ዝበዝሑ መዓልታት ንመጽናዕትታትካ ምምዳብ ማለት'ዩ።

ግዜኻ ብዝበለጸ ክትጥቀመሉ ዝሕግዙ ገለ ምኽርታት ኣብ'ዚ እነህውልካ።

### 1. ብተደጋጋሚ እትፍጽሞ ስርዓተ ተግባር ኣቕምጥ
ንመጽናዕትን ምድጋምን ዝኾና ቁሩብ ሰዓታት ካብ ነብሲ ወከፍ መዓልቲ መድብ - ከምኡ'ውን ብግቡእ ተኸተሎ።

### 2. መጽናዕቲ እተካይደሉ ቦታ ፍጠር
ካብ ምኹላፍን ረብሻ ድምጽን ርሕቕ ዝበለ ቦታ መድብ። እኹል ብርሃን ከምዝህልወካን ተመቺኡካ ከምዘሎን ኣረጋግጽ። ቴሌቪዥን ብምጥፋእ፡ ገጻት ማሕበራዊ መርኸቢ ብዙሃን ብምዕጻውን ቴሌፎንካ ብምጥፋእን መሰናኽላት ኣወግድ። ቅድሚ ምጅማርካ ኩሉ ነገር ከምዘለካ ኣረጋግጽ።


### 3. ናይ መጽናዕቲ ሰሌዳ ግዜ ፍጠር።
እዚ እናጽናዕካ እንከለኻ ጥርኑፍ ኮንካ ክትጸንሕን ኣብ መስመር ክትህሉን ይሕግዘካ። መታን ዝበዝሓካ ኮይኑ ከይስመዓካ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ከምትሰርሕ ኣረጋግጽ።

### 4. ኣብ'ቲ ናይ መጽንዒ ሰሌዳ ግዜኻ ብዝሕ ዝበለ ምቅይያራት ይሃልኻ።
ነብሲ ወከፍ መዓልቲ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ኣጽንዕ። ዝተፈላለየ ነገራት ስራሕ፡ ንኣብነት ምዱብ ዕዮ ሓደ መዓልቲ፡ ድግማ ከኣ ኣብ ዝቕጽል መዓልቲ።

### 5. ንነብስኻ ፈትና
ብዛዕባ እቲ ዝተመሃርካዮ ክፍትነካ ንሓደ ካብ ቤተሰብካ ሕተት።

### 6. ኣብ ዘድልየካ እዋን ሓገዝ ሕተት
ምስ'ቲ ኣብ ክፍልኻ ዝሰራሕ ስራሓት ብሓባር ምስጓም ወይ ሓደ ኣርእስቲ ኣብ ምርዳእ ሽግር እንድሕሪ ሃልዩካ ምስ መማህራንካ ተዘራረብ - ክሕግዙኻ'ዮም ኣብኡ ዘለው

### 7. ነብሲኻ እለ/ተኸታተል
ጥዑይ ሚዛን ኣብ መንጎ መጽናዕትን ምዝናይን ምህላው ንዓኻ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ካብ ሽኮራዊ መግብታት ርሓቕ። ብዙሕ ማይ ስተ፡ ጥዕናዊ መግቢ ኸኣ ተመገብ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ምሸት እኹል ድቃስ ምርካብካ ኣረጋግጽ፡ ምሉእ ለይቲ ዝቕጽሉ መደባት መጽናዕቲ ንዓኻ ጽቡቓት ኣይኮኑን። ቀጻሊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ግበር - ክትዛነ ክሕግዘካ'ዩ፡ መጠን ሓይልኻ ኸኣ ከደንፍዐልካ'ዩ።



Department of Education

education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015